
# ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 6ይ ክፋል።



**ህዝባዊ ግንባር፡** ሓያል ግንባር ክኸውን ዘኽኣሎ ብርክት ዝበሉ ረቛሒታት እኳ እንተለዉዎ፡ ሓደ ኣብ ሰውራታት ዓለም ውሑድ መወዳድርቲ ዘለዎ ኣሳታፍነት ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ቃልሲ እዩ። ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብቲ ብዙሕ ሓርጎጽጎጽ ዝነበሮ ቃልሲ ንነጻነት፡ ቀጺሉ ንልዕላውነት ሃገር፡ ሕጂውን ኣብ ህንጸት ዝነበራን ዘለዋን ግደ ኣዝዩ ልዑል ምንባሩን ምህላዉን ሓደ ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብሉጽ ይገብሮ። ተጋደልቲ ኣሓትናን ኣደታትናን፡ ኣብ ርእስቲ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዘካይድኦ ዝነበራ ብረታዊ ቃልሲ፡ ጸረ ባህርያውን ተባዕታዊ ጸብለልትነትን (ማዕርነት) ሓያል ቃልሲ ብዘይ ምስልካይ ተዋጊኤን። ኣብ ኩሉ ቃልስታተን ዕዉታት ነይረን። ኣብ ኲናት ተሳታፍነተን ልክዕ ከም ወዲ ተባዕታይ መሪሔን፡ ተዋጊኤን፡ ተወጊኤን፡ ሰንኪለን፡ ተሰዊኢን። ልዕሊ ኩሉ ብሰንኪ ሕሰም መግዛእቲ ዝፈጠሮ ኩነት እንተ ብዕድመ፡ እንተ ብስንክልና ካብ ውላድ ምርካብ ዕድል ዝሰኣና ውሑዳት ኣይኮናን። ጽፉፍ ዕጥቂ ሓደ ካብቲ ንተጋዳላይ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ብጽንዓትን ትብዓትን ክዋጋእ ዝሕግዞ መሰርሕ እዩ። ዕጥቂ ቀዳምይ መምዘኒ ናይ ብቕዓት እዩ። ዕጥቁ ዘይተማዕራረየ ( ወዛል ) ዝኾነ ወተሃደር ኣብ ኲናት ክምጽኦ ዝኽእል ዓወት ዳርጋ የለን ክበህል ይከኣል። ህ.ግ. ዕጥቂ ተጋደልቱ ንዓይኒ

ረኣዩ ዝማርኹ፡ ክትጋደል ዘወናውን እዩ። ተጋዳላይ ህ.ግ. ዕጥቁ ኣብ ምጽብባቕን ብጽርየት ምሓዝ ክሳብ ክንደይ ግዱስ ከም ዝነበረ ካብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ስእሊ ክንግንዘብ ንኽእል።

ደርግ ንናቕፋ ክሳብ ክንደይ ይደልያ ከምዝነበረ ድሕሪ ካብኣ ተሓግሒጉ ምውጽኡ ኣብ 1985 ንምሓዛ እዚ ዘይብሃል ምድላዋት ገሩ ፈተነ። እቲ ኩነት እዛ ናይ ሽዑ ጽሕፍቲ ብሕጽር ጽበለ ትገልጾ።




ኣብ መወዳእታ 1985፡ ደርግ ናቕፋ ንምሓዝ ናይ መጨረሽታ ፈተንኡ ጌይሩ። ጸቕጢ ንምፍጣር ክሕግዝ ድማ ናብቲ ብ1984 ዝተደምሰሰሉ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ሰራዊት ኣውሪዱ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ግን ድር ሕንዙ ወዲኡ ነሩ። ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ - ሻምናይ ወራር - ብኣጽዋር ጸላኢ ኣብ ሓጺር ግዜ ተሓምሺሹ። ናቕፋ ድማ ኣይተደፍረትን።

في نهاية ١٩٨٥ قام نظام الدرق بآخر محاولاته للسيطرة على مدينة نقفة وبغية خلق ضغط يساعد على تحقيق ذلك قام بانزال قوات كبيرة من جيشه بالطائرات العمودية والطائرات الحربية الاخرى في منطقة شمال شرق الساحل التي كان قد صفي فيها جيشه ولكن ذلك ما كان ليجدي شيئا وفشلت بذلك الحملة الثامنة التي اطلق عليها الدرق حملة " بحر نغاش " وبقيت مدينة نقفة صامدة كعهدها دوما .

Towards the end of 1985, the Dergue mounted what was going to be its last attempt to seize Nakfa. Simultaneously and as a means of posing extra pressure on the EPLF, it dropped air-borne troops in north-eastern Sahel - the place where it had suffered a disastrous defeat the previous year. However, because the army had long since lost its sting, this attempt too ended in failure. Nakfa once again stood free and defiant.


ሻምናይ ወራር ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ጸላኢ ብኣጽዋሩ ዝተሓምሸሰሉ ታሪኻዊ ዓወት ህ.ግ. ዘድመቕት ኲናት።





ደርግ ብሰማይ ይምጻእ ብባሕሪ ብምድሪ
ለይቲ ይኹን ቀትሪ ንበዓል ቅኑዕ
መትከል የብሉን ዓጋቲ። ደርግ ኣይመሰሎን።
ወየን ኣዳህሊለን ብፓራሹት ድሕሪ ዕርድታት
ህ.ግ. ክሰልካ ዝሓሰባ ኣብ ሰማይ ከለዋ
ከም ሃዳናይ ጨሩሩ ዝሃደን ተቐልባ።

ደርግ ዋላኳ ይደምሰስ እምበር ንህ.ግ. በዳሂ ኲናት ከምዝነበረን ናቕፋ ክንደይ ምሩጻት ተጋደልቲ ምእንትኣ ሂወቶም በጅዮም። ሳላ ጽንዓቶምን ተወፋይነቶምን ጸላኢ ንሓዋሩ ናቕፋ ሬሳታቱ ዛሕዚሑ ተፋነዋ። ናቕፋ ኣደ ጽንዓት ተሰመት።



ስራዊት ደርጊ ከም ጉልሓይ ዝወድኤን ከብቲ ኣብ ፈቐዶ ቦታ ሬስኡ ተዛሕዚሑ መግቢ ኣሞራ ኮነ።

እቲ ካብ እምነቱ ነቕ ዘይብል ተጋዳላይ ሽግርን መከራን፡ መውጋእትን መስዋእትን ከም ሽልማት ወሲዱ ጉዕዝኡ ቀጸለ።


1986ን-1987ን ድህሪ ደርግ ኣብ ሻሕልምስዓሩ፡ ህ.ግ. ኣብምንታይ ኣድሃበ? ነዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ነንብብ።

ዓመታት 1986ን 1987ን፡ ኣብ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራ-ቁጠባውን ባህላውን ሜዳታት ናይ ምድልዳል ዓመታት እየን ነይረን። እዋን ደርቂ ሓሊፉ፡ ሳዕቤናቱ ፍጹም ንምውጋድ ኣብ ተበግሶ፡ ጥርናፈን ክእለትን ሓረስቶት ዝምርኩሱ መደባት ሕርሻዊ ልምዓት ተጀሚሮም። ትካላት ደጀን ብዕብየትን ምርቻቶን ጉሉሕ ለውጢ ኣምጺኦም። ፋብሪካታት መድሃኒት፡ መግቢ፡ ሳእኒ፡ መንዲል ንጽህና (ሞደስ)ን ክልእን ተኸፊቱ ወይ ማዕቢሉ። ኣብ መጉዓዝያ፡ ህንጻ፡ ስራሓት ሓጺንን ዕንጨይትን፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ዘደንቕ መሃዝነትን ምዕባለን ተራእዩ። ህዝባዊ ግንባር ካብ ሓደ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ፡ ናብ ብዘይካ'ቲ ስም ክልእ ዘይተርፎ መንግስቲ ተሰጋጊሩ።


١٤٨- كان عاما ٨٦ – ١٩٨٧ فترة بناء وتقوية بالنسبة للجبهة الشعبية في المجالات العسكرية – الاجتماعية – الاقتصادية والثقافية . وبعد انتهاء موجة الجفاف بدأت في تنفيذ برامج زراعية تستهدف القضاء نهائيا على اثار الجفاف وتعتمد بشكل اساسي على مبادرات وتجمع وتطوير طاقات الفلاحين . اما منشآت القاعدة الخلفية فقد حققت نموا وتطورا ملحوظين حيث افتتحت مصانع جديدة او تم تطوير توسيع القديم منها مثل مصانع الادوية والاحذية والمواد الغذائية والفوط الصحية وغيرها . كما ان مجالات المواصلات والبناء والحدادة والنجارة والخدمات الصحية قد شهدت هي الاخرى تطورا خلاقا وكبيرا . وانتقلت الجبهة الشعبية من مجرد حركة تحرير وطني الى مصاف الدول .

For the EPLF, 1986-87 were years of consolidation in the military, political and socio-economic spheres. Agricultural rehabilitation projects that entirely relied on local resources were initiated. In the base area, factories for the manufacture of drugs, food products, shoes, sanitary towels ...etc were set up and those that already existed were expanded to meet the demands. Significant advances were recorded in the quality of medical services, transportation, construction and machinery work-shops with creativity and inventiveness as the driving force. By these, the EPLF transformed itself from a liberation movement into a well functioning state.

ካብቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ትካላት ህ.ግ. ብስእሊ ዝተሰነደ ንተዓዘብ።




ሕክምና እንስሳታት።








ክኢላታት ሕርሻን ሙኩራት ሓረስቶትን ሓድሕዶም ክመሃሩን ተሞኩሮ ይለዋወጡን።




ሓጺናዊ ስራሓት።





ፋብሪካ ሳእኒ ምስራሕ ባምቡላ እግሪ።




ፋብሪካ ንህጻናት ዝዕንግል መግቢን ፋብሪካ ሞዴስን።



ሓይሊ ማይ (ኢንፍዮዥን)
ኣብ ሜዳ ክስራሕ ከሎ።



ጽገና መካይን (መካኒክ ሾሆፕ)።



ፍርያት መድሃኒት ኣብ ሜዳ ዝስራሕ።

ህ.ግ ኣብቲ ጽንኩር መድረኽ ቁሩብ ትንፋስ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን እዚ ኣብ ላዕሊ ብስእሊ ዝተሰነደ ትካላትን ካልኦት ብዙሓት ህዝባዊ መደባትን ከተኣታቱ (ከቕውም) ከሎ እንታይ ስለ ዝተኣማመነ እዩ? ቃልሲ ዝነውሐ እንተ ነውሐ ንቁኑዕ ዓላማ ሓፋሽ ዝዓግቶ ሓይሊ ስለ ዘየሎ ዓወትና ናይ ግድን እዩ! ኣብ ዝብል ሓቀኛ መርገጽ ስለ ዝነኸሰ። ሓፋሽ ብሙሉኡ ብዘየጠራጥር መንገዲ ስለ ዝወደበ፡ ዘንቅሔ፡ ዘዕጠቐን። ሓድነት ህዝቢ ብዘየፈላላይ ስለ ዘረጋገጸን ዘሳተፈን። ኤርትራ ንዅሉ ህዝባ ማዕረ ከምእትብጽሖ ስለ ዝተኣማመነ። ብኻልእ ኣገላልጻ ንሓፋሽ ብሙሉኡ በብዘለዎን ከከም ኩነታቱ ዘፍቅደሉ ስለ ዘዕጠቖ ዘጠራጥር ነገር ኣይነበሮን። ነዚ ተኣማሚኑ ነቲ ዝቕጽል ወራራት ብዝላዓለ ደረጃ ክምክቶ ዝኸኣለ።

እጂውን ነዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ ኣብቲ እዋን ዝተጻሕፈት ነንብብ።

ብዘይ ጥርጥር፡ ዓወታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ምዕናው ኣዕኑድ መግዛእትን ምህናጽ ሃገርን ዘደንቕ'ዩ። መሰረት እዚ ዓወት'ዚ ሃረርታ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነት፡ ሓድነቱን ጽንዓቱን ምዃኑ ኣየከትዕን። ድልየትን ሓድነትን ህዝቢ ግን ሓንሳብን ንሓዋሩን ውሁብ ነገር ኣይኮነን። ምኹስኳስን ምዕንጋልን ይሓትት። ኣብዚ ድማ እዩ ተራ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝመጽእ። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ኣተኣታትዩን ኩስኩሱን እዩ። ምሉእ እምነቱ ኣብ ዓቕምን መሃዝነትን ህዝቢ ብምግባር፡ ህዝቢ ኪጥርነፍ፡ ንጡፍን ንቑሑን ተዋሳኢ ክኸውን፡ ኣካደሚያውን ባህላውን ደረጃኡ ክብ ክብል፡ ንነብሱ ባዕሉ ክመሓድር ጽዒሩ። ንኤርትራውያን ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ነብሰም ብሃገር ደረጃ ኪጥርነፉ ሓጊዙ።

لاشك ان الانتصارات التي تحققها الثورة الارترية في تحطيم ركائز الاستعمار وبناء الوطن بد مدعاة للغاية ، ولكن ما هو السر الذي يقف وراء تحقيق هذه الانتصارات ؟ ، مما لا جدال فيه ان الاسباب الرئيسية لذلك هي تطلع الشعب الارتري اللامحدود لتحقيق استقلاله ووحدته الوطنيين وذلك صموده الاعجازي غير ان الحقيقة التي لا جدال فيها هو ان تطلع الشعب ووحدته ليست مسائل تتأتى عن طريق الصدفة والهبة دفعة واحدة .. انها تتطلب الرعاية والسهر . وهنا يأتي دور الجبهة الشعبية لتحرير ارتريا .


فالجبهة الشعبية التي ادخلت وسهرت على رعاية اساليب العمل الديمقراطي في الحياة السياسية للشعب الارتري ، وواضعة ثقتها التامة في امكانات وقدرات الشعب الابداعية انطلقت في العمل على لم شمله وجعله مشاركا واعيا وفعالا وتمكينه من ادارة شؤونه بنفسه وذلك من خلال رفع مستواه التعليمي والثقافي كما ساعدت قطاعات العمال والفلاحين والنساء والشباب الارتريين على تأطير نفسها في اتحادات وطنية على مستوى الوطن .

The achievements of the Eritrean revolution in dismantling Ethiopian colonial rule and in national reconstruction are indeed impressive. The driving forces behind such achievements are manifested in the ever growing perseverance of the Eritrean people as well as their strong desire for freedom.


The EPLF, realizing the potential capability and creativity of the ordinary people, introduced democratic ways of work and organization and ensured popular participation in all aspects of the struggle. It assisted in the formation of national unions of Eritrean workers, peasants, women and youth.

ህ.ግ ነተን መሰረታውያን ማሕበራት ኣብ ሓደ ስርዓት (መንግስቲ) ክህልዋ ዝግብኣ (ህዝባዊ ባይቶ፡ ማህበር ሓረስቶት፡ ማህበር ተማሓሮ፡ ሃገራዊ ማህበር ደቅንስትዮ፡ ማሕበር ሰራህተኛታት) ኣብ ሜዳ ከሎ ከም ዘቕመን ሕጂውን ነዚ ዝስዕብ ሰነዳት ንመልከት።

ጉባኤ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሰ.ኤ)፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ (ሃ.ማ.ድ.ኤ)፡ ሃገራዊ ማህበር ሓረስቶት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ኤ) ሃገራዊ ማሕበር ተኣማሃሮ ኤርትራ (ሃ.ማ.ተ.ኤ) ኣብ ሜዳ ኣብ 1987




ጉባኤ ሃ.ማ.ተ.ኤ.





ጉባኤ ሃ.ማ.ደ.ኤ

ጉባኤ ሃ.ማ.ሓ..ኤ.

እቲ ኣብ መጋቢት 1987 ዝተኻየደ ካላይን ሓድነታውን ጉባኤ  ህዝባዊ ግንባርን (ህ.ግ) ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማኣከላይ መሪሕነትን(ተ.ሓ.ኤ.ማ.መ) ንህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ናይ ዓወት መንፈስ ዘሕደረ ጉባኤ ነሩ ክበሃል ይከኣል።  ንደርግ ዓቢ ሻቕሎት ከም ዘሕደረሉ ዘማትእ ኣይነበረን።

ንህ


ኣብ መጋቢት 1987 ዝተኻየደ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህ.ግ.ን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነትን መርኣያ ፖለቲካዊ ብስለት ሰውራ ኤርትራ እዩ ነይሩ። ጉባኤ፡ ንኣርብዓ ዓመታት ንዝቐጸለ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ገምጊሙ፡ ህሉው ሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት መዚኑ፡ ናብ ዓወት ዝመርሕ መደብ ስራሕ ድማ ሓንጺጹ።


وقد كان انعقاد المؤتمر التنظيمي الثاني والتوحيدي في مارس ١٩٨٧ دليلا على
النضج السياسي الذي بلغته الثورة الارترية • وقد تمّ في هذا المؤتمر بعد تقييم النضال
الوطني الذي خاضه الشعب الارتري طوال الاربعين عاما الماضية وكذلك الاوضاع المحلية
والاقليمية والدولية •• تمّ رسم الخطط الكفيلة بايصال النضال الى الانتصار النهائي •



The Second and Unity Congress of EPLF and ELF-CL held in 1987 was a tribute of the political maturity of the Eritrean movement. The congress critically assessed the past 40 years of national struggle and weighed the prevailing national, regional and international situations thoroughly. It also adopted a new program.

ህዝቢ ኤርትራ ስምረት ውድባት ክርኢ ንምስማረን ዘካየዶ ጻዕሪ ውሑድ ኣይነበረን።  ብፍላይ ኣብቲ መግዛእታዊ ግፍዕታት ዝበዝሓሉ ግዜ ኣምሪሩ ድምጹ ኣስሚዑ ነይሩ።  እንተኾነ ግን ንሱ ዝምነዮን ፖሎቲካዊ ኩነታት እተን ውድባት ከም ትምኒቱ ክኸውን ስለ ዘይካኣለ ስዒቡ'ውን ኲናት ሕድሕድ ስለ ዘኸተለ ኣብ መወዳእታ ከኣ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ምስተፋነወት፡ ዘሕደሮ ጓሂ ኣብ እዋኑ መወዳድርቲ ኣይነበሮን።  እዚ ናይ ክልተ ውድባዊ ሓድነ ነቲ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ኣሕዲሩዎ ዝነበረ ጥርጣረ ገሊሁ ኣብ ጎድኒ ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ መግዛእታዊ ስርዓት ክኸትም ዕጥቁ ኣደልደለ።  ልክዕዩ ጎንጺ ክልትኤን ውድባት ንጸላእትና ግዝያዊ ባህታፈጢሩሎምዩ። ገድሊ ኤርትራ ኣኽቲሙ ኣብ ዝብል ኣጉል መደምደምታ ኣብጺሑዎም ክኸውን ይኽእል።  ህ.ግ. ግን ናይ ምክልኻል ግዜ ኣብቂዓ ናብ መጥቃዕቲ  ምውሳድ ተበገሰት።

እስከ ቃል እዞም ክልተ ኣቦታትና ነንብብ።




ናዞም ኣቦታትና ቃላት ዘረጋግጾ ነገር እንተሎ፡ ነቲ ዝተገብረ ውድባዊ ሓድነት ዘንጸባርቕ ኣዩ። ሕድሪ ኣቦታት እንተሰሚርኩም ኤርትራ ዝደፍራ የለን ዝብል እዩ።

**ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 7ይ ክፋል ኣብ ዝመጽእ ይቕጽል።**

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።